# ኣብ ናይ ስነ-እንግዳ ትካል ምስራ

TIGRINYA

ኣብ'ዚ ኣገደስቲ ሓበሬታታት ኣለዉ ንዓኹም

!

## ወሃብ ስራሕኩም ውዕል ስራሕ ብጽሑፍ ኣይሃበኩምን

ብኣፍ (ብቓል) ዝግበር ውዕል ስራሕ ሕጋዊ እዩ፣ ኮይኑ ግን ብዝተጻሕፈ ውዕል ስራሕ ጥራይ ኢኹም ስምምዓት መርትዖ ክትረኽብሉ ትኽእሉ።

ኣስራሒኹም እንተ ደንጎየ ድሕሪ ሓደ ወርሒ ስራሕ ምስ ጀመርኩም እቶም ኣገደስቲ ስምምዓት ስራሕ ብጽሑፍ ክህበኩም ኣለዎ (ደሞዝ፣ ሰዓታት ስራሕ፣ ዓይነት ስራሕ፣...) ። እዚ ወረቐት ናይ ስራሕ ውዕል ኣይኮነን! ስለ'ዚ ውዕል ስራሕ ብጹሑፍ መልክዕ ክህበኩም ሕተቱ!

## ወሃብ ስራሕ ብዘይ ኣብ ጽሑፍ ዝሰፈረ ውዕል ክትሰርሑ ይደሊ። ኣብ መወዳእታ ወርሒ ገንዘብ ብጥረ ይህበኩም። እንታይ ክትገብሩ ትኽእሉ፧

ኣስተውዕሉ፣ ወሃብ ስራሕኩም ብጽሑፍ መልክዕ ውዕል ስራሕ ክህበኩም እንተደኣ ዘይደልዩን ገንዘብ ብጥረ ከፊልኩምን! ምናልባት ወሃብ ስራሕኩም ቀረጽን ማሕበራዊ መድሕን ተቐራጺታትን ኣይከፍልን ይኸውን። እዚ ድማ „ጸሊም ስራሕ" ተባሂሉ ይጽዋዕ።

„ጸሊም ስራሕ" ዘይሕጋዊ እዩ።. መቕጻዕቲ ትኸፍሉ ትኾኑ። ንወሃብ ስራሕኩም„ጸሊም ስራሕ" ሕጋዊ ሳዕቤናት ኣለዎ። ወሃብ ስራሕኩም እንተደኣ ከም ዘየመዝገበኩም ጠርጥሪኩም፣ ናብ ናይ ምኽሪ ቦታ ወይ ናብ ማሕበር ሰራሕተኛታት ኪዱ።

## ወሃብ ስራሕኩም ከም ዘመዝገበኩም ብኸመይ ትፈልጡ፧

ወሃብ ስራሕኩም ኣብ ናይ ጀርመን መድሕን ጥሮታ ከመዝግበኩም ኣለዎ። እዚ ኣብ መጀመርያ መዓልቲ ስራሕኩም ክኸውን ኣለዎ። ናይ ዝተመዝገብኩምሉ መረጋገጺ ሕተቱ!

## ኣብ ትካል ስነ-እንገዳ ክንደይ ደሞዝ ትወስዱ፧

ኣብ ጀርመን ዝተሓተ ዝኽፈል ደሞዝ ኣሎ
**> ኣብ መወዳእታ ናይዚ ሰነድ ዘሎ ሰሌዳ ተመልከቱ።**
ብላዕሊ ዝኽፈል ገንዘብ (Trinkgeld) ኣካል ናይ ደሞዝኩም ኣይኮነን፣ እዚ ከም ተወሳኺ ትወሃብዎ እዩ።

ኣብ ሓባራዊ ናይ ምውጋይ ውዕል (Tarifverträge) ልዕል ዝበለ ናይ ሰዓት ደሞዝ ክህልዎም ይኽእል እዩ።. ሓባራዊ ናይ ምውጋይ ውዕል ይምልከትኩም እንተኾይኑ ንምፍላጥ ንማሕበር ሰራሕተኛታት ተወከሱ።

ብቕዓት ዝጠልብ ስራሕ ልዕል ዝበል ደሞዝ ክህልዎ ኣለዎ። ብርትዓዊ መንገዲ ትኽፈሉ ከም ዘለኹም ኣስተውዕሉ!

## መዓልታዊ 10 ሰዓት ትሰርሑ። ቀዳመ- ሰንበት ከይተረፈ። ሕጋዊ ድዩ፧

ብሕጊ መሰረት መዓልታዊ ካብ ሸሞንተ ሰዓት ንላዕሊ ክትሰርሑ ኣይፍቀድን እዩ። ዕረፍቲ ምስኡ ኣይሕሰብን እዩ። መዓልታዊ ሰዓታት ስራሕ ሓደ ሓደ እዋን  ናብ ዓሰርተ ሰዓት ክድይብ ይኽእል እዩ። እንተኾነ ግን፣ ኣብ ውሽጢ ሽድሽተ ኣዋርሕ ወይ 24 ሰሙናት ብገምጋም ካብ ሸሞንተ ሰዓት ንመዓልቲ ክሓልፍ የብሉን።

ኣብ ትካላት ስነ-እንገዳ፣ ሰንበትን ኣብ በዓላትን ምስራሕ ይከኣል እዩ። እንተወሓደ ዓሰርተ ሰናብቲ ኣብ ዓመት ግን ናጻ ክትኮኑ ኣለኩም።

ካብ ሰዓት 23.00 ክሳብ ሰዓት 6.00 ዘሎ ግዜ ልዕሊ ክልተ ሰዓት እንድሕር ሰሪሕኩም ናይ ለይቲ ስራሕ (Nachtarbeit) እዩ። ኣብ ነፍሲ ወከፍ ናይ ስራሕ ሰዓት ከም ግቡእ 25 ሚእታዊት ዝያዳ ክፍሊት ኣለኩም።

ኣገድሲ፦ ሰዓታት ስራሕኩም ብንጹር ጸሓፍዎ። እንታይ ጌርኩም፧ መን ክምስክር ይኽእል፧ እንተደኣ ናብ ሕጋዊ ምጉት ተኣትዩ እዚ ኣገዳሲ እዩ።

ሰዓታት ስራሕኩም ብሓገዝ ናይዚ ሰሌዳ ክትምዝግብዎ ትኽእሉ ኢኹም:

**www.faire-integration.de/de/topic/471.arbeitszeit.html**

## ውሑድ ሰዓታት (Teilzeit) ትሰርሑ፣ እንታይ ከተስተውዕሉ ኣለኩም፧

ንጹር ሰዓታት ስራሕ የብልኩምን፧ ወሃብ ስራሕኩም እንተደንጎየ ቅድሚ ኣርባዕተ መዓልቲ መዓስ ከም እትሰርሑ ክሕብረኩም ኣለዎ። እንተደኣ ምስ ወሃብ ስራሕኩም ብዛዕባ ብዝሒ ሰዓታት ብንጹር ዘይተዘራረብኩም፣ 20 ሰዓታት ኣብ ሰሙን ከም ዝተሰማማዕኩም ይቖጸር። እዘን 20 ሰዓታት ክትክፈልወን ኣለኩም።

## ንእሽቶይ ስራሕ (ሚኒ ጆብ) ትሰርሑ። መሰልኩም እንታይ እዩ ከምኡ'ውን እንታይከ ከተስተውዕሉ ኣለኩም፧

ኣብ ንእሽቶይ ስራሕ እንተበዝሐ 520 € ኣብ ወርሒ ከተእትዉ ይፍቀድ። ብኡ መሰረት ቁሩብ ሰዓታት ክትሰርሑ ጥራይ እዩ ዝፍቀድ። ኣብ ንእሽቶይ ስራሕ ዳርጋ ኣብ ኩሉ ጽፍሒ ማዕረ እቶም ካልኦት ሰራሕተኛታት መሰል ኣለኩም። ንኣብነት እዚ ዝስዕብ **ይግበኣኩም:**

- ሕጋዊ ዝተሓተ ዝኽፈል ደሞዝ
  **> ኣብ መወዳእታ ናይዚ ሰነድ ዘሎ ሰሌዳ ተመልከቱ።**
- ሓባራዊ ናይ ምውጋይ ደሞዝ (Tariflohn) እንተደኣ ሓባራዊ ናይ ምውጋይ ውዕል (Tarifvertrag) ሃልዩ
- ጸብጻብ ደሞዝ
- ዓመታዊ ዕረፍቲ
- ቀጻሊ ደሞዝ ኣብ እዋን ሓደጋ (ኣብ ስራሕ)፣ ኣብ በዓላት፣ ፍቓድ ወሊድን ሕማምን (መብዛሕትኡ እዋን ግን ብዘይ ናይ ሕማም ገንዘብ - Krankengeld)
- ዝያዳ ክፍሊት ንኣብነት ከም'ቲ መሳርሕትኹም እውን ዝወስድዎ፣ ኣብ በዓላት ምስ እትሰርሑ

## ጸገማት ብዛዕባ ካብ ስራሕ ምብራርን ካልእ ሕቶታትን ኣብ እዋን ለብዳ ኮሮና፧

ተወሳኺ ሓበሬታታት ኣብ'ዚ ትረኽቡ:

**www.faire-integration.de** **www.fair-arbeiten.eu**

# ምኽሪ ብቛንቋኹም ትደልዩ፡

**እቶም ናይ መጀመርያ መወከሲ ፕሮጀክትታት፣**

**ርትዓዊ ምውህሃድ**
(ንስደተኛታትን ካልኦት ካብ ኤውሮጳዊ ሕብረት ወጻኢ ዝመጹን)

**www.faire–integration.de**

**www.facebook.com/Faire-Integration**

**ከምኡ እውን**
ርትዓዊ ምንቅስቓስ (ንካብ ሃገራት ኤውሮጳዊ ሕብረት ዝመጹ)

**www.faire-mobilitaet.de**

**www.facebook.com/DGBFaireMobilitaet**

# ጸገማት ኣብ ሕግታት ስራሕ ብዝምልከት መን ክሕግዘኩም ይኽእል፧

እዞም ኣብ ላዕሊ ተጠቒሶም ዘለዉ ናይ ምኽሪ ቦታታት ጥራይ ኣይኮኑን ዝሕግዙኹም። ተወሰኺ ናይ ምኽሪ ዕድላት፣ ካብ ፖለቲካዊ ሰልፍታት ሓራ ዝኾነ ማሕበር ሰራሕተኛታት ትረኽቡ። ማሕበራት ሰራሕተኛታት ቀረብ ናይ ሕጋዊ ሓገዝን ውክልናን ይህቡ፣ ንኣብነት ንኣባላት ማሕበር ሰራሕተኛታት ንሕጊ ስራሕ ብዝምልከት የማኽሩ።

ንሞያ ስነ-እንገዳ ብዝምልከት ማሕበር ሰራሕተኛታት መግቢ፣ ደስታን-ቤትመግብን (**NGG**) እዩ ዝምልከቶ።

ኣድራሻታት ኣብ ዝመጽእ ገጽ ትረኽቡ።

## ብምትሕብባር ናይ፣

**www.faire-integration.de**

Faire Integration ist Teil des Förderprogramm
„Integration durch Qualifizierung (IQ)“

Arbeitnehmerfreizügigkeit sozial, gerecht und aktiv

**www.faire-mobilitaet.de**

ቤት ጽሕፈት ማሕበር ሰራሕተኛታት መግቢ፣ ደስታን-
ቤትመግብን (NGG) ኣብ‘ዚ ትረኽብዎ።
**www.ngg.net/vorOrt**

ኣብ ሓደ ሰንሰለታዊ ትካል ናይ ቁልጡፍ
መግቢ (Fast Food) ትሰርሑ:
**www.facebook.com/ffwunited/**

ኣብ ሓደ መከፋፈሊ ኣገልግሎት መግቢ ተበጻጽሑ፧
**www.facebook.com/
liefernamlimit**

መደብ ሓገዝ “ምውህሃድ ብስልጠና” [Integration durch Qualifizierung (IQ)] ናብ ባይታ ስራሕ ንምጽንባርን ነዚ ብዘላቒ ንምምሕያሽን ዝሃቀነ ኮይኑ ብቐንዱ ንናይ ስደት ድሕረ ባይታ ዘለዎም ብዕድመ ዓበይቲ ወጻእተኛታት ዝጠመተ እዩ። ኣብኡ ኣብ ሙሉእ ሃገር ዘለዋ መርበባት ብናይ ወጻእተኛታት ጉዳያት ዝከታተላ ሞያውያን ቤት ጽሕፈታት ይሕገዛ። እቲ መደብ ብሚኒስትሪ ዕዮን ማሕበራዊ ጉዳያትን (BMAS) ማሕበራዊ ሳጹን ኤውሮጳን(ESF) ይምወል። ነዚ መደብ ኣብ ምትግባር ድማ ሚኒስትሪ ትምህርትን መጽናዕትን (BMBF) ኣጀንስያ ዕዮን (BA) መሻርኽቲ እዮም።

Das Förderprogramm „Integration durch Qualifizierung (IQ)“ wird durch das Bundesministerium für Arbeit und Soziales und den Europäischen Sozialfonds gefördert.

Bundesministerium für Arbeit und Soziales

ESF Europäischer Sozialfonds für Deutschland

Europäische Union

Zusammen. Zukunft. Gestalten.

In Kooperation mit:

Bundesministerium für Bildung und Forschung

Bundesagentur für Arbeit

Stand: August 2022 | Impressum | Herausgeber: Projekt Support Faire Integration, DGB Bildungswerk BUND e.V., Hans-Böckler-Str. 39, 40476 Düsseldorf, Redaktion: Laura Chelebet, Janna Bieker, Jerzy Bohdanowicz, Layout: Gereon Nolte, ZWH e.V.

# Der gesetzliche Mindestlohn steigt!

The statutory minimum wage will increase!

Установленная законом минимальная заработная плата повышается

Встановлена законом мінімальна заробітна плата підвищується

حد اقل دستمزد قانونی  در حال افزایش است !

الحد الأدنى للأجور يرتفع

እቲ ዝተሓተ ክኽፈል ዝግባእ ሕጋዊ ደሞዝ ወሲኹ ኣሎ!

¡Sube el salario mínimo interprofesional!

| **Ab**<br>from<br>с<br>з<br>از<br>ابتداءً من<br>ካብ<br>A partir de | **Brutto/Std.**<br>gross/h<br>Брутто/час<br>Брутто/на годину<br>دستمزد ناخالص در ساعت<br>اجمالي / ساعة<br>ጃምላ/ሰዓታት<br>Bruto/hora |
|---|---|
| 01.07.2022 | **10,45 € > 450 €** |
| 01.10.2022 | **12,00 € > 520 €** |

**So viele Stunden dürfen Sie pro Monat arbeiten, wenn Sie 520 € verdienen:**

This is the number of hours you can work per month if you earn € 520:

Столько часов в месяц Вам разрешено работать, если Вы зарабатываете 520 евро:

Стільки годин на місяць Вам дозволено працювати, якщо Ви заробляєте 520 євро:

این تعداد ساعاتی است، که شما میتوانید در صورت درآمد: 520 یورو در یک ماه کار کنی

هذا هو عدد الساعات التي يمكنك العمل بها شهريًا إذا كنت تعمل في عمل صغير 520

ኣብ ሓደ ወርሒ እዚ ዝስዕብ ሰዓታት ክትሰርሑ ይግባእ እንተደኣ 520 € ኣታዊ ኣለኩም፡-

Si tiene un salario de 520€, estas son las horas que puede trabajar al mes:

| | |
|---|---|
| 01.07.2022 | **43,06 > 450 €** |
| 01.10.2022 | **43,33 > 520 €** |